ቤት ፅሕፈት ዝምድናታት ትግራይ
Tigray External Affairs Office

Ref: TEAO- 033/2021 **Date: 9 December 2021**

ሕዳር 30-2014 ዓ.ም አብ ልዕሊ ትግራይን ተጋሩን ዝፍጸም ዘሎ ወንጀል ንምኹናን አብ መላእ ዓለም ዝሳለጥ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ አመልኪቱ ካብ መንግስቲ ትግራይ ዝተውሃበ መግለጺ፤

ዝኸበርኩም፡ አባላት ዳያስፖራ ትግራይ፣
መዳለውቲ እዚ ዓለም ለኸ ሰላማዊ ሰልፊ፣
ደገፍትን ተሳተፍትንዚ ዓለም ለኸ ሰልፊ፣

ብቐዳምነት ጸላእትና አብ ልዕሊ ትግራይን ተጋሩን ንኽፍጽሙዎ ዝዓለሙዎ ወንጀል ድምጺ ህዝቢ ትግራይ ዓድዮምን ካብ ዓይንን እዝንን ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ተኸዊሎምን ክፍጽሙዎ ዝገበሩዎ ፈተነ፣ በቲ ዘይሕለል ጻዕርኹም ሽርሒ ጸላኢ ኣፍሽልኩም ድምጺ ዝተዓፈነ ህዝብኹም ብምኺንኩምን፣ ትግራይ ዛዕባ ዓለም ክትኮን ብምግባር ዲፕሎማሲያዊ ሓገዝ ክርከብ ብምግባርኩም ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዝስመዐና ታሕጓስ ወሰን የብሉን። ብኣኹም'ውን ንሕበን።

ጸላእትና አብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈቱዎ ኩናት ንውሕ ዝበለ ጊዜ ዝወሰደ ዋላኳ እንተኾነ፣ ንህዝብና ከም ህዝቢ ከጽንቱና ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝተኣኻኸቡ ዕስለ ጸላእቲ ንዝሓለፈ ልዕሊ ሓደ ዓመት አብ ልዕሊ ህዝብና ኩለመዳያዊ ኩናት የካይዱ አለዉ። አብ ልዕሊ ህዝብና፣ ታሪኽና፣ ቅርስና፣ ኢኮኖሚናን መንነትናውን ጽንተት (ጀኖሳይድ) ፈጺሞም። እቲ ንጻትውን ብመሰሉ ዘይደራደር ህዝብና ካብቲ ወሪዱዎ ዝነበረ ዓጸባ ፈንጺሑ ብምውጻእ ብስሙር ሓድነቱን ብረዚን መስእዋእትን ብቕልፅሙ ንዕስለ ጸላእቲ ምስጋዕገልጠሞም ካብ መብዛሕትኡ ክፋላት ትግራይ ጸራሪጉ አውጺኡዎም እዩ።

ኣብ ቅድመ ግንባር ተደጋጋሚ ስዕረት ዘጋጠሞ ጸላኢ፣ አብ ልዕሊ ህዝብና ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝፈጸሞ መስካሕክሒ ወንጀል ከይኣክል፣ ካብ መብዛሕትኡ ከባብታት ትግራይ ምስወጸውን ሰብኣዊ ሓገዛት ናብ ትግራይ ከይኣቱ ብምኽልካል፣ ህዝቢ ትግራይ ብጥምየትን ስእነት መድሓኒትን ንምውዳእ አብ ልዕሊ ትግራይ ሙሉእ ዕጽዋ ገይሩ አብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝጀመሮ ጽንተት እናቐጸለሉ ይርከብ። ብዙይ'ውን ስለዘይዓገበ፣ ካብ ቅድመ ግንባራት ኩናት አዝየን ርሒቕን አብዝርከባ ከተማታት ትግራይ ናይ ኣየርን ድሮንን ደብዳባት ብምክያድ ሲቪላት ይቕትልን እተን ዝተረፋ መሰረተ ልምዓታት'ውን የፍርስን አሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ምዕራብን ክፋላት ምብራቕን ትግራይ፣ ከምኡውን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኢትዮጵያ ዝርከቡ ተወለድቲ ትግራይ ብመንነቶም እናተወንጀሉ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳጎንታት መስካሕክሒ በደላትን መቕተልትን ይበጽሖም ኣሎ።

ኣብ ስልጣን ዘሎ ናይ ጥፍኣት ጉጅለ ብልጽግና ብዓለም ለኸ ሕጊ ዝተኸልከሉ ገበናት ኣብ ልዕሊ ተጋሩን ካልኦት ብሄራትን እናፈጸመ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝወሃብ ዘሎ ግብረ መልሲ “የተሓሳስበና’ሎ” ካብ ምባል ወጻኢ ጭቡጥ ስጉምቲ ክወስዱ ኣይከኣሉን። ስለዝኾነ ድማ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝበጽሕ ዘሎ ግፍዕን መቕተልትን እናገደደ ይኸድ ኣሎ። ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት መንነታትን ኢትዮጵያ ዘርኣዊ ጨፍጫፍ ዘካይድ ዘሎ ገበነኛ መንግስቲ ብልጽግናን ንእዑ ዝሕግዛ ዘለዋ ከምኒ ሕቡራት ዓረብ ዒማራት፣ ቱርክ፣ ኢራንን ቻይናን ዝኣመሰላ ሃገራት ኣብልዕሊ ንጹሃን ተጋሩ ዘውርዱዎ ዘለዉ ጨፍጫፍ ክቃወም ደጊምና ጻዊዕትና እናቕረብና፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ገበን ደው ክሳብ ዝብልን፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተኣወጀ ዕጽዋ ሙሉእ ብሙሉእ ስጋብ ዝለዓልን ቃልስና ኣዛይድና ከምንቕጽል ክንገልጽ ንፈቱ። ከምኡ'ውን ናብ ሙሉእ ዓወት ከሰጋግረና ዝኽእል ምትዕራራይ ጌርና ትልምታት ሓንጺጽና ኣለና።

ዝኸበርኩም ኣባላት ዳያስፖራ ትግራይን ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን፣

ህዝብኹም ህዝቢ ትግራይ ዝወርዶ ዘሎ ገበን ንዓለምለኸ ማሕበረሰብ ንምፍላጥ፣ ገበነኛታት ናብ ሕጊ ንምቕራብ፣ ኣብ ልዕሊቶም ገበን ዝፍጽሙ ዘለዉ ኣካላት ዲፕሎማሲያዊ ጽዕንቶ ንምግባርን ህዝብና ብጥምየትን ሕማምን ከይሃልቕ ሓገዝ ክረክብ፣ ባዕልትኹም’ውን ገንዘባዊ ሓገዝ ብምግባርን ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ 3ተ ዓመታት ንዘርኣኹምዎ መዘና ዘይብሉ ሕራነ፣ ወነን ቃልስን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዓብዪ ሓበን ይስምዖ። እቲ ናታትኩም ናይ ቃልሲ ወነን ሓገዝን ድማ ኣያታትኩምን ደቕኹምን ኣብቲ ቅድመ ግንባር ንዘመዝግቡዎ ዘለዉ መስተንክራዊ ዓወታት ናይ ሞራል ስንቂ ይኾኖም ስለዘሎ ክትሕቡኑ ይግባእ። ኣብ ዲፕሎማሲ፣ ኣድቮከሲን ምትእኽኻብ ሓገዝን ትገብሩዎ ዘለኹም ዕዉት ቃልሲ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ግቡእ ቦታ ሒዙ ክስነድ ምኽኑ’ውን ነረጋግጸልኩም። ብሓቂ ኣምባሳደራት ህዝቢ ትግራይ ኢኹም። ቃልስና ኣብ መወዳእታ ክሳብ ዝበጽሕ ድማ ነቲ ቃልሲ ዘድሊ ኩለመዳያዊ ሓገዝ እናገበርኩም ቃልስኹም ኣጠንኪርኩም ክትቅጽሉ ጻዊዕትና ነቕርብ።

ዘልዓለማዊ ክብርን ሞገስን ንስዉኣትና!
ሃለዋትናን ድሕንነትናን ብቕልጽምና!
ንሕርን፣ ንቃለስ፣ ንዕወት!
ትግራይ ትስዕር!
መንግስቲ ትግራይ፣
30 ሕዳር 2014 ዓ.ም 2014 ዓ.ም
መቐለ